ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

21 ጥቅምቲ 2018 ግዕዝ
31 oktober 2025
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-609

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ናይ ቀረባን ህልዊን ምዕባለታት ኣብ ቤተክርትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ
መንፈሳዊ ሰላምታና ነቓድመልኩም። እብ ህይወትኩም ጽቡቕ ጥዕና፡ ኣብ ሥራሓትኩም ኩሉ ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰ ንምነየልኩም። ኣስዒብና ከኣ ንኩነታትን ምዕባለታትን ቤተክርስትያንና ብዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ከነቕርበልኩም ንፈቱ።

ኣብ ኣኼባታት፣ ብጽሑፍ ይኹን ኣብ ቤተክርስትያን ብእንገብሮ መግለጺታት ጉዳይ ቤተክርስትያንና እዋናዊ ዝኾነ ሓበሬታታት ከም እንህብ ርጉጽ ኩይኑ፡ ሓድሓደ ጊዜ ከኣ ቊሩብ ጊዜ ምጥጥ ኣቢልና እንጸንሓሉ ምኽንያት ወይ እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናልኩም ኩነታት ብዙሕ ዘይተቐየረ ምስ ዝኸውን፣ ወይ ከኣ እቲ ለውጢታት ዘገም ኢሉ ዝኸይድ'ሞ ጭቡጥ (መደምደምታ ዘይረኸበ) ክኸውን ስለ ዝኽእል ኢዩ። ኣዚ ድሕሪ ምግላጽ እቲ እዋናዊ ኩነታት ቅድሚ ምግላጽና ቊሩብ ከነትሕዘኩም እንደልሊ፡ ብመሠረት ውሳኔ ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ዕለት 12 የካቲት 2025 ዓምፈ፡ ሰበኻ ጉባኤ ምስ ንኡስ ሃገረ ስብከት ንግሥነት ነዘርላንድ (ን/ሃ/ስ) ኣብ መጋቢት 2025 ኣፈናዊ ርክብ ኣካይዱ ነይሩ። ሽዑ እተን መጀመርታ 4 ነጥቢታት ተዘራሪቡ ተሰማሚዑለን ኩልና ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ኣኼባ ከኣ ነቲ ቃለ ጉባኤ ፈሪምናሉ። ኣብ ቊጽሪ 5 (ምትግባር ቀዳማይን ዳሕረዋይን ውሳኔታት ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ) ክንበጽሕ እንከሎና፡ ን/ሃ/ስ/ ነዚ ሰጊርና ናብ ቊ 5.1 ኢና ክንቅጽል እንደሊ ስለዝበሉ፡ ሰበኻ ጉባኤ ከኣ ኣብ ውሳኔ ተሰሪዑ ብዘሎ መንገዲ ከም'ታ ካብ ቊ 1 ጀሚርና ክሳብ ቊ 4 ዝበጻሕናያ፡ ቀጺልና ቊ 5 (ውሳኔታት ቅ/ሲኖዶስ) ከነተግብር ኣሎና ኢልና። ኣብ'ዚ ካብ ዘይምርድዳእ እቲ ዝርርብ ጠጠው ኢሉ ኢዩ። ኣማእካሊ ብጹዕ ኣቡነ ጳውሎስ መጸዋዕታ ንዝዝርርብ (ከረዳዱና) ስለዘይገበሩ፡ ንኣስታት 7 ኣዋርሕ ተንጠልጢሉ ይርከብ። ኣስታት 6 ኣዋርሕ ምስ ሓለፈ ሰበኻ ጉባኤ ደብዳበ ናብ ቅ/ሲኖዶስ ልኢኹ ነዚ ኣፍሊጡ ኢዩ። መልሲ ግን ኣይረኸበን።

ብድሕሪ'ዚ ዝመጸ ምዕባለ ብብጹዕ ወ ቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ፡ 6ይ ፓትርያርክ ዘ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ዝተመርሐ፡ ምምጻእ ናይ ኣቦታት ካብ ኤርትራ ናብ ነዘርላንድ ኢዩ። እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ኢልና ገጾም ክንርኢ፡ መስቀሎም ክንሳለም፣ ናብ ቤተክርስትያንና መጺኦም ንህዝቦም ክባርኹን ንጉዳይና መፍትሒ ክገብሩሉን ክንዕድሞ ተዳሊና ናብ ናይ ኣምስተርዳም ስኺፕሆል ኣየርፖርት ኬድና፣ ግን ሽዑ ክንረኽቦም ስለ ዘይከኣልና ኣብ ክብረበዓል ናይ ኣቡነ ኣረጋዊ ኣብ ሃይሎ ኬድና ረኺብናዮም። እንቋዕ ብሰላም መጻእኩም ኢልና መስቀሎም ተሳሊምና፡ ክንዛረቦም'ውን ክኢልና ኢና። ጉዳይና ክርእዩዎን መፍትሒ ክገብሩሉ ምኳኖም ተዘራሪቦምሉ ከም ዘለዉን'ውን ገሊጾምልና።

- ብዝገበሩልና መጸዋዕታ ከኣ ኣብ ከተማ ሃርለም ተረኺብና፣ ቤ/ጽ/ሃ/ስ/ ኤውሮጳን ን/ሃ/ስ/ን ነዘርላንድን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብዛዕባ ጉዳይ ቤተክርስትያንና ተመያዩጥና። ብብጹዕ ወ ቅዱስ ኣቡና ባስልዮስ ዝተሓተትናዮ ሰነዳት'ውን ኣቕሪብናሎም
- ድሕሪ'ዚ ብዝተሓተትናዮ መሠረት'ውን ምስ ጠበቓና ከም ዝራኸቡ ጌርና ኢና።
- እዚ ኩሉ ምስ ተገብረ ካብ ቤ/ጽ/ምም/መ/ ፓትርያርክ ብዝተላእከልና ደብዳበ መሠረት፡ ነቲ መልሲ ክንህበሉ ዝተሓተትናዮ ሕቶታት ትማሊ ዕላዊ ጽሑፋዊ መልሲ ልኢኽናሎም ኣሎና።

ብድሕሪ'ዚ ንቤተክርስትያንና ዝምልከት ዝመጸና ወይ ዝህሉ ምዕባለታት፡ ከም ኣድላይነቱን ህጹጽነቱን ክንሕብረኩም ኢና።

The Eritrean Orthodox Stichting Medhanie Alem Church Tewahdo Amstelveen Amstelland

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን።



ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland